ሓባራዊ ኮሚስዮን
ምምስራት ሰልፊ

المفوضية المشتركة
لتاسيس الحزب

Joint Party Formation Commission

# ንድፊ መደብ ዕዮ ሰልፊ

*መእተዊ*

ህዝቢ ኤርትራ ካብ ኣርባዓታት ጀሚሩ ንኣስታት ሓምሳ ዓመታት ከይተሓለለ ብዘካየዶ ሰላማውን ብረታውን ሓርነታዊ ተጋድሎ፡ ሃገራዊ ሉዕላውነት ክጭብጥ በቒዑ እዩ። ይኹን'ምበር፡ ነቲ ድሕሪ ምርግጋጽ ሉዕላውነት ሃገር ዝነበረ ሓዲሽ ዕማማት ንምስልሳል ዘኽእሎ ብቑዕ ህዝባዊ ፖለቲካዊ ውደባ ስለ ዘይጸንሖ፡ ፖለቲካዊ ስልጣኑ ኣብ ኢድ መላኺ ጉጅለ ወደቐ። ድሕሪ'ዚ፡ ንዝጸንሐ ተስፋታት ዘጸልምት ንምዕባለ ሃገር ዝሕምስ፡ ፖለቲካውን ሕ/ሰብኣውን ቅልውላው ብምግሃዱን፡ ከማኡ ውን ናብራ ካብ ዕለት ንዕለት እናኣንቆልቆለ ስቓይን መከራን እናበዝሐ ብምኻዱ ፡ ኣብ ፍሉይ ቃልሲ ክኣቱ ተገደደ። ንመሰረታዊ ፖለቲካውን ሰብኣውን መሰላት ንምዕዋት፡ ነቲ ብዘይ ሕጊ መንግስቲ ዝገዝእ ዘሎ ምልካዊ ስርዓት ኤርትራ ንምቕዋም ብግሉጽን ብስውርን ኣገባባት ክንቀሳቐስ ይርከብ። ብኣንጻር'ዚ፡ እቶም ጨካናት ምልካውያን ንተቓውሞ ህዝብና ንምዕጻፍ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ግፍዕታት ይፍጽሙ ኣለው። እዚ ንዲሞክራስያዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንምቁጽጻር ዝፍጽምዎ ዘለው ግፍዕታት ኣሉታዊ ስምብራት ይገድፍ'ኳ እንተሃለወ፡ ነቲ ኣንጻር ምልኪ ዝጉህር ዘሎ ቃልሲታት ክዓግት ኣይከኣለን። ህዝብና፡ ንዝወርዶ ዘሎ ግፍዕታት በዲሁ፡ ካብ ዕለት ንዕለት ተቓውሞኡ እናኣዕበየ ንቕድሚት ኣብ ምስጓም ይርከብ።

እዚ ዕብየቱ እናኣረጋገጸ ዝኸይድ ዘሎ ዲሞክራስያዊ ቃልስታት ግን፡ ሕጂ፡ ኣብ ሓደ ንጹር ዝኾነ ዲሞክራስያዊ መስመር፡ ክውደብ እንተዘይክኢሉ፡ ንህልውን መጻእን ቃልስታት ህዝቢ ኤርትራ ዘተኣማምን ዋሕስ ክኸውን ኣይክእልን እዩ። በዚ ምኽንያት፡ ኣብ ኤርትራ ዝርከቡ ተመሳሳሊ ኣረኣእያን መትከላትን ዘለዎም ዲሞክራስያውያን ኣካላትን ሓይልታትን ንንኡስ ፍልልያቶም ሰጊሮም፡ ሰፊሕ መሰረት ዘለዎ ፖለቲካዊ ሰልፊ ክምስርቱ ይግባእ። እምበኣር፡ ዕላማ እዚ እነቕርቦ ዘለና ንድፊ ፖለቲካዊ መደብ ዕዮ ንኽትዕ ክዕድም፡ ኣፍደገ መጽናዕትን ምርምርን ብምኽፋት፡ መብዛሕትኡ ዝሰማማዓሉ፡ ሓደ ሙሉእን ሃገራዊ ዲሞክራስያዊ መደብ ዕዮ ሰልፊ ንምሕንጻጽ ዝሕግዝ ሰነድ ምእንቲ ክኸውን እዩ።

እዚ ኣብ ሃገርና ዝርከብ ህልዊ ስርዓት ብምቕያር ጥራሕ ኩሉ ፖለቲካውን ማሕበራውን ሽግራት ሃገርና ክፍታሕ ስለ ዘይክእል፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ ስግር'ቲ ዘካይዶ ዘሎ ጸረ ምልካዊ ቃልሲ ኣርሒቑ ዝጥምት ምድላው ክገብር ይግብኦ። ብቐዳምነት ከኣ ካብ ህልኽን ተጻይ-መልስን ዝራሐቐ፣ ብሰላምን ሓድሕድ

*ምርድዳእን ኣቢሉ ንሃገራዊ ዕርቂ ዘሰጋግር፡ ጥጡሕ ፖለቲካዊ ባይታ ምድላው ኣገዳሲ እዩ። ዝሓለፉ ጌጋታት ከይድገሙ እሞ ከምዚ ሕጂ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ስርዓት ደጊሙ ከይመጽእ፡ ክንየው ምውዳቕ ምልካዊ ስርዓት ኣርሒቑ ዝጥምት፡ ንህዝብና ብግቡእ ዘዳሉ፡ ብሰፊሕ ተሳትፎ ኤርትራውያን ዝዕምብብ ፖለቲካዊ ሰልፊ ምቛም ግድን'ዩ። ንኸምዚ ዝኣመሰለ ዕማም፡ ጥዑይ መበገሲ ከኣ፡ ንድፊ ፖለትካዊ መደብ ዕዮ ኣብ ህዝቢ ብቕሉዕ ኣወሪድካ፡ ተሳትፎ ህዝቢ ኣብ ምሕንጻጹ ምርግጋጽን'ዩ።*

*ብኽትዕን መጽናዕትን ዝሃብተመ ፖለቲካዊ መደብ ዕዮ ንምሕንጻጽ ይኹን ንዕኡ ዘሰኒ ፖለትካዊ ስርርዕ ንምምዕባል ክንብገስ ከለና፡ ብዕቱብ ክንምልከቶም ዝግብኣና ጉዳያት ኣሎዉ። ንሳቶም ድማ*

1. *ኣብ ዝሓለፈ ሓርነታዊ ቓልስና: ውሽጣዊ ሽግራት ዲሞክራስያውያን ሓይልታትን ኣካላትን ብዝግባእ ክእለ ብዘይምኽኣሉ፡ ጌና እቲ ዘይምትእምማን የንጸላልው ምህላው ኣብ ግምት ምእታው የድሊ። በቲ ካልእ ገጽ ከኣ፡ ዘለናዮ ፖለቲካዊ መድረኽ ብዓይነቱን ትሕዝቶኡን ፍልይ ዝበለ ብምዃኑ ነቲ ከም ባህሊ ተወሲዱ  ዝጸንሐ ዘይምትእምማን ንኽንስዕሮ ዝሕግዙ ዕድላት ክሱታት ምህላዎም ንርኢ። ገለ ካብቶም ኣብ ዘይራኸብ ዝመስል ታሪኻዊ ፖለቲካዊ ፍልልይ ዝጸንሑ ሓይልታትን ውልቀሰባትን ተራኺቦም ብሓባር ኣንጻር ምልካዊ ስርዓት ዝቃለስሉ ኩነታት ተፈጢሩ ምህላው ጥራይ ሓደ ጭቡጥ ኣብነት'ዩ። ኣብ ውሽጢ'ዚ ሓድሽ ፖለቲካዊ ሃዋህውን ዕድላትን፡ ድልዱል ዘተኣማምን ባይታ ምምድማድ ይከኣል እዩ።*

   *ካብዚ ዝተጠቕሰ ዕግበት ዝነቅል ዕላማና፡ ነቶም ኣብ መንጎ ዲሞክራስያውያን ሓይልታትን ኣካላትን ዝርከቡ ዓንቀፍቲ ፖለቲካዊ ሽግራት ብንቕሓትን ተወፋይነትን ሰጊርና፡ ካብቲ ብኣወንታ ከነድምዕ ዘይሓገዙና ሕሉፋት ኣሉታዊ ፖለቲካዊ ፍልልያት ተማሂርና ብብሱል ፖለቲካዊ ንቕሓትን ብዘተኣማምን መንገድን ሓቢርና ሓደ ንቓልስና ዘደንፍዕን ንጠለባት ህዝብና ዝምልስን ፖለቲካዊ ሰልፊ ንምህናጽ ክንብገስ'ዩ።*

2. *እቲ ክምስረት እንደልዮ ዘሎና ሓዲሽ ሰልፊ፡ ንዝጸንሐን ሓድሽን ወለዶታት ዘራኽብ ድልድል ክኸውን'ዩ። ንሓድሽ ወለዶና ዝኸውን ጥጡሕ ባይታ ብዘተኣማምን መንገዲ ክፍጠር ዝኽእል እቶም ህሉው ቃልስታት ኣብዚ ደረጃ ንኸብጽሑ እተቓለሱን ጌና ዝቃለሱ ዘለዉን ምኩራት ኤርትራውያን ዲሞክራስያውያን መተካእታኦም ንምምልማል ግዲኦም ክጻወቱ ከለው እዩ። እቲ ዝኸበረ ዕማም ኣውራሲ ወለዶ ከኣ ተካኢ ዝኸውን ወለዶ ምምልማል እዩ። ከምዚ ዝመስል ዕማም ብዓወት ንምፍጻም ብቐዳምነት ንነብስኻ ንለውጢ ምድላው ይሓትት። ካብቶም ንቕድሚት ዘየሰጉሙ ዓንቀፍቲ ሓሳባትን እምነታትን ተገላጊልካ ንባዕልኻ መንፈስካ ኣሐዲስካ ንሓዲሽ ወለዶ ብሓዲሽ መንፈስ ንምምልማል ድሉው ምኻን የድሊ።*

3. *ንህሉው ቃልስታት ዝሰርዕ ንመጻኢ መኽሰብና ድማ ዋሕስ ዝኸውን ሰልፊ ንምቛም ኣብ እንቃለሰሉ ዘለና እዋን፡ ንኤርትራዊ ማሕበረ-ውድባዊ ሂወት ብዝግባእ ተገንዚብና፡ ንሓድነትን ፍልልይን ህዝቢ ኤርትራ ዘኽብርን ብዝግባእ ዘመሓድርን ዲሞክራስያዊ መደብ ዕዮን ስርርዕን ከነማዕብል የድልየና። ምልካዊ ስርዓት ኤርትራ ንህዝቢ ኤርትራ ኣብ ዝብትን ትሕተ-ሃገራዊ ፖሊቲካዊ ውዲታት ተጸሚዱ፡ ነቲ ኣብ ውሽጢ ህዝብና ብመሪር ቃልሲ ዝተጠርየ ምትእምማን ባሕጐጉ ምጥርጣርን ፍርህን ንምንጋስ ብኹሉ ዝከኣሎ ዓቕምታት ኣብ ምፍታን ይርከብ። ብኣንጻሩ እቲ ንፖለቲካውን ሰብኣውን መሰላት ህዝቢ ኤርትራ እናተጣበቐ ዝብገስ ፖለቲካዊ ሰልፊ፡*

ነቲ ተፈጢሩ ዘሎ ኣሉታዊ ሃዋህው ብዝግባእ እናወገኑ፡ ንሓድነት ህዝብና ናብ ዝለዓለ ዲሞክራስያዊ ጽፍሒ ንምስግጋሩ ከቢድ ጾር ክስከም ድሉው ክኾውን ይግብኦ።

4. ኣብ ዞናናን ኣብ ዓለምን ዘሎ ፖለቲካዊ ኩነታት ኣዝዩ ሕልኽልኽ ክብል ንዕዘቦ ኣለና። ዝሑል ውግእ ተደምዲሙ ኣብ ሓዲሽ መድረኽ ድሕሪ ምእታውና ንፖለቲካዊ ኩነታት ዓለምና ዝህውኽ ጥሩፍ ምንቅስቓሳት ተጋሂዱ እዩ። ሃይማኖታዊ ይኹን ፖሊቲካዊ ጥሩፍነት፡ ኣወንታዊ ፖለቲካዊ ለውጢ ንምትእትታው ይኹን ሰላምን ቅሳነትን ንምርግጋጽ ዝሕግዙ ኣይኮኑን። እቲ ኩሉ ኣወንታዊ መንገድታት እተጸንቀቐ መላኺ ስርዓት ኤርትራ ግን ብፍላጥ ንህልውን መጻእን ፖሊቲካዊ ኩነታት ሃገርናን ዞናናን ኣብ ዝትንክፍ ሽግራት ተጸሚዱ ይርከብ። ነዚ ብፍላጥ ዘሳውሮ ዘሎ ሽግራት ኣብ ግምት ብምእታው ንህሉው ጽንኩር ፖለቲካዊ ኩነታት ዓለምናን ዞናናን ብዓወት ክንሰግሮ ምእንቲ ንረብሓ ህዝብና ቀዳምነት ዝህብ ንቑሕን ሰልፊ የድሊ። ምስ ከባቢና ዘለው ኣህዛብ ተኸባቢርና እናተሓጋገዝና ንቕድሚት ክንስጉም፡ ምስ ማሕበረሰብ ዓለም እናተረዳዳእና ኣብ ኣወንታዊ ሕድሕድ ምጽልላው ክንህሉ ብቅኑዕ ስትራተጅን ብተዓጻጻፊ ሜላታትን ዝምራሕ ዲሞክራስያዊ ፖለቲካዊ ሰልፊ ክምስረት ታሪኻዊ ኣድላይነቱ ግሉጽ ኮይኑ ኣሎ።

እዚ ኣብ ታሕቲ ሰፊሩ ዘሎ ዝርዝር ንድፊ መደብ ዕዮ ሰልፊ: ንኽትዕና ክውድቦን መልክዕ ከትሕዞን ክሕግዝ ዝቐርብ ዘሎ እዩ። ድሕሪ'ዚ እቲ ካብ ነፍሲ ወከፍ ግዱስ ኤርትራዊ እንጽበዮ ንምህብታሙን ንምዕማቑን ብተገዳስነት ኣብ ክትዕን ምርምርን ክሳተፍ እዩ።

## ቀዳማይ ምዕራፍ

ስም፡

## ካልኣይ ምዕራፍ

ኣርማ ሰልፊ

## ሳልሳይ ምዕራፍ

<u>ዕላማ</u>

ዕላማ ሰልፍና ሓድነት ህዝባን መሬታን ዘዕቀበት፡ ሰላምን ፍትሕን ዝሰፈና፡ብደሞክራሲያዊ ሕገ-መንግስቲ እትመሓደር ንኣህጉራዊ ሕግታትን ውዕላትን እተኽብር ብልጽግቲ ኤርትራ ምህናጽ እዩ።

## ራብዓይ ምዕራፍ

<u>ፖለቲካዊ መደብ ዕዮ</u>

ካብ ፖለቲካዊ ዕላማና ብምንቃል፡ ሰልፍና ንሰብኣውን ዲሞክራስያውን መሰላት ህዝቢ ኤርትራን ተቐማጦኣን ዘኽብርን ዝጣበቕን ኮይኑ፡ ኣብ ምምቕራሕ ፖለቲካዊ ስልጣንን ሃብትን ዝተሰረተ፡ ብዲሞክራስያዊ ሕገ መንግስቲ ዝግዛእ ብድልየትን ምርጫን ህዝቢ ተመስሪቱ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ተሓታቲ ዝኾነ ዲሞክራስያዊ መንግስቲ ምትካል እዩ።

1. <u>ሰብኣውን ዲሞክራስያውን መሰላት ህዝቢ ኤርትራ ምርግጋጽ</u>

1.1 ኣብ ኤርትራ ዘሎ ምልካዊ ስርዓት ጸረ ኩሉ ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰላት ህዝብና ብምዃኑ፡ ንሱ ከይልገሰ፡ ዕላማ ሰልፍና ይኹን፡ ባህግታት ህዝብና ክረጋገጽ ስለ ዘይክእል ኣብ'ዚ መድረኽ'ዚ ቀንዲ ቃልስና ንምልካዊ ስርዓት ብምውዳቕ፡ ኣብ ቦትኡ ንኹሉ መሰላት ህዝብና ዘኽብር ኣብዝሓ ሰልፋዊ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ምትካል እዩ።

1.2 መሰል ምውዳብ፡ ምዝራብ፡ ምጽሓፍ፡ ከምኡውን መሰል ሰላማዊ ተቓውሞ ምኽባር

1.3 ነጻነት እምነት ምኽባር ፡ ኣብ እምነት እተመርኮሰ ዝኾነ ይኹን ኣድልዎን ጽቕጠትን ምውጋድ።

1.4 ማዕርነት ኩሎም ዜጋታት ምኽባር፡ ኣውራጃዊ፡ ብሄራውን፡ ዓሌታውን፡ ኣድልዎን ጽቕጠትን ምውጋድ

1.5 መሰልን ማዕርነትን ደቂ ኣንስትዮ ምኽባር፡ ንኹሉ ዓይነት ኣድልዎን ጽቕጠትን ደቂ ኣንስትዮ ምውጋድ

1.6 መሰል ህጻናት ምኽባር፡ ፍሉይ ሕጋውን ማሕበራውን ሓልዮት ምግባር

1.7 ንሰብኣዊ መሰላት ዝከላኸላ ሲቪላዊ ማሕበራትን ሞያዊ ትካላት ክቖማን ስርሐን ብምሉእ ናጽነት ከካይዳን ምትብባዕ

1.8 መሰል ምቛም ፖለቲካዊ ማሕበራትን ሰልፍታትን ምርግጋጽ

1.9 ካብ ፖለቲካዊ ሰልፍታትን ማሕበራትን ነጻ ዝኾኑ ዜጋታት ኣብ ስልጣን ናይ ምውድዳር መሰሎም ሕልዊ ክኸውን ምቅላስ

1.10 ብውሳኔ ህዝቢ ዝጸደቐ ሕገ መንግስቲ ብህዝበ ውከሳ ክፈርስ ወይ ክትካእ

2. <u>ንምዛን ሓይሊ ዝሕሉ ኣብ ምክፍፋል ስልጣን እተመርኮሰ መንግስቲ ንምቛም ምቅላስ</u>

2.1 ብነጻ ተሳትፎን ምርጫን ህዝቢ ኤርትራን፡ ውድባቱን ሰልፍታቱን ሕገ መንግስቲ ንምጽዳቕ

2.2 ስልጣን ማእከላይ መንግስቲ ኣብ መንጎ ሓጋግን ፈጻምን ተኸፋፊሉ ነጻ ቤትፍርዲ ዘለዎ ቅርጺ ክሕዝ

2.3 ማእከላይ መንግስቲ ንኹሉ ኤርትራዊ ሕብረተሰብ ዝውክል ክኸውን

2.4 መንግስታዊ ስልጣን ካብ ላዕሊ ክሳብ ታሕቲ በብደረጅኡ ተኸፊሉ ህዝቢ ብቐጥታ ኣብ ምምሕዳር ነብሱ ተሳታፊ ክኸውን ዘኽእሎ ብሕገ መንግስቲ እተረጋገጸ ዘይምእኩል ቅርጺ ምምሕዳር ክኸውን። ምክፍፋል ምምሕዳራዊ ኣካላት ነቲ ታሪኻዊ ኣቋውማ ኣውራጃዊ ምምሕዳራት ሃገርና ዝሕሉን ዘኽብርን ቅርጺ ክሕዝ

2.5 ኣብ ስልጣን ንምምጻእ ይኹን ካብ ስልጣን ንምውራድ ሕገ መንግስቲ ብዘፍቕዶ መሰረት ብዲሞኪራስያዊ ምርጫ ህዝብን፡ ብሕጋዊ ቀጥዒ ምርጫን ክኸውን

2.6 ዝቐውም መንግስቲ ዓልማናዊ መንግስቲ ክኸውን

2.7 ትግርኛን ዓረብኛን ዕላውያን ቋንቋታት ክኾና፡ ካልኦት ቋንቋታት ኤርትራ ውን ክዓብያን ክምዕብላን ዘኽእለን መሰል ከምዝረኽባ ምግባር

3. <u>ንሕገ መንግስቲ ዝምእዘዝን ዘገልግልን ሰራዊት ምቛም</u>

3.1 ሰራዊት ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ሕገ መንግስቲ ኤርትራ ኮይኑ ዝሰርሕ ፍሉይ ሰልፋዊ ሻራ ዘይብሉ ንረብሓታት ህዝቢ ኤርትራ ዘገልግልን ብህዝቢ ንዝተመርጸ መንግስቲ ዝከላኸልን ሃገራዊ ሰራዊት ክኸውን

3.2 ንሰራዊት ኤርትራ ዝእዝዝ ኣካል እቲ ብዲሞክራስያዊ ምርጫ እተዓወተ ሲቪላዊ መንግስቲ ክኸውን
3.3 ሰራዊት ኤርትራ ንማሕበራዊ ምልኣት ኤርትራ ዘንጸባርቕ ክኸውን
3.4 ኣብ መንጎ ህዝብን ሰራዊትን ምትእምማን ዝሰፈኖ ጥዑይ ዝምድና ክፍጠር ምቅላስ
3.5 ሃገራዊ ሰራዊት ኤርትራ ኣብ ማእቶት ዝሳተፍ ኣፍራዪ ሓይሊ ክኸውን
3.6 ውትህድርና ሞያ ስለዝኾነ፡ ብድልየትን ምርጫን ዜጋታት ዝውሰን ከምዝኸውን ምግባር፡
3.7 ወታሃደራዊ ኣገልግሎት ግዴታ ክኸውን ኣይኮነን፡ ኤርትራዊ ዜጋ ካልእ ስቪላዊ ኣገልግሎት ክፍጽም ምርጫ ክህልዎ እዩ
3.8 ሰራዊት ኤርትራ ብውሳኔንን ሕግታትን ኣህጉራዊ ውዑላት እንተዘይኰይኑ፡ ኣብ ጉዳይ ካልኦት ሃገራት ጣልቃ ክኣቱ ኣይኮነን
3.9 ኣዋጅ ውግእ ብፓርላማ ኤርትራ ዝውሰን ምኻኑ ብሕጊ ምርግጋጽ

**ሓሙሻይ ምዕራፍ**
***<u>ምጣነ ሃብታዊ መደብ ዕዮ</u>***

*ሃገርና፡ ብደቓሲ ቅዋማት ገዝእትን ብነዊሕ ሓርነታዊ ውግእን ዝወረዳ ቁጠባዊ ኣደራዕ ከይኣኽላ፡ ግጉይ ቅዋም ምልካዊ ስርዓት ተወሲኹ ኣብ ኣዝዩ ትሑት ምጣኔ ሃብታዊ ሃለዋት ትርከብ። ነዚ ኩነታት'ዚ ንምቕያር ሰልፍና ድሕሪ ውድቀት መልካዊ ስርዓት ብህጹጽ እቶም ፍሉይ ጉድኣት ወሪድዎም ዘለዉ ክፍሊታት ህዝብና ምዕንጋልን ዳግመ ህንጻ ሃገር ምክያድን ቀዳማይ ቦታ ከህቦ እዩ።*
*ዕላማና ነቲ ወዲቑ ዘሎ ምጣኔ ሃብታዊ ኩነታት ሃገርና ሓፍ ምባል፣ ነቲ ዘይተመጣጠነ ናብራ ህዝብና ምምዕርራይ፣ ኣብ ዘተኣማምን ምጣኔሃብታዊ ባይታ እተሰረተት ብልጽግቲ ሃገር ንምህናጽ ምቅላስ እዩ። ኣብዚ ዕላማ'ዚ ክብጻሕ ዝከኣል፡ ብሓደ ወገን ነቲ ኣብ ድኽነትን ስቓይን ዝርከብ ዝበዝሐ ክፍሊ ሕብረተሰብና፡ ኣፍራይ ዓቕምታቱ ክብ ኢሉ ተጠቃሚ ጻዕሩን ድኻሙን ዝኾነሉ ኩነታት ምፍጣርን ምጥጣሕን ፡ ኣብ ርእስኡ ውን ነቲ ዘይምዕሩይ ኩነታት ናብራ ህዝብና ንምምዕርራይ ነቶም ህሱያት ወገናት ፍሉይ ሓጋዚ ትኹረት ዝህብ መደባት ብምሕንጻጽን እዩ። በቲ ካልእ ወገን ከኣ ብቐኑዕ ምጣኔ ሃብታዊ ቅዋም ንሃገራውያንን ወጻእተኛታትን ኣውፈርቲ ብምትብባዕ ኣብ ዕብየት ምጣኔ ሃብቲ ሃገርና ግዴኦም ንኽጻወቱ ዕድል ብምኽፋት እዩ። ምስዚ ተተሓሒዙ'ውን ኣብ ዞናና ይኹን ኣብ ዓለምና ብኣወንታዊ ኣገባብ ከዋሳእ ዘብቅዕ ንግዳዊ ሕንጻጽ ምትላም እዩ።*

1. ***<u>ምጣኔ ሃብቲ ሃገርና ብቀጻልን ፍጡንን ኣገባብ ከምዝምዕብል ምግባር</u>***

1.1 ምጣኔ ሃብቲ ሃገርና ቀጻልን ፍጡንን ክኸውን ንኹሉ ውሽጣዊ ሃገራዊ ዓቕምታት ብዝግባእ ንምንቅስቓሱ ምቅላስ። ኩሎም እቶም ንውሽጣዊ ሃገራዊ ዓቕምታትና ከደስክሉ ዝጸንሑ ምምሕዳራዊ ውሳኔታት ፡ ባህላውን ማሕበራውን ቀይድታት ከምዘልግሱ ምግባር
1.2 ምስ ጐረባብቲ ሃገራት ይኹን ምስ ዓለም ኣብ ናይ ሓባር ንግዳዊ ረብሓ ተሞርኲስና ከይንዓቢ ጠንቂ ኮይኑ ዘሎ ቅዋማትን ኣሰራርሓን ብምውጋድ ምቹእ ኩነታት ምፍጣር
1.3 ንፍጡንን ቀጻልን ምጣኔ ሃብታዊ ምዕባለ ዝዕንቅፉ ድኽመት ትሕተ ቅርጻ ምምልኡን ምምዕባሉን። ብፍላይ ከኣ ማይን ሓይሊ ኢለትሪክን(ጸዓት)

ዘመናዊ መራኸቢ.ታትን ነቲ እንጽበዮ ደረጃ ምዕባለ ዝመጣጠን ከምዝኸውን ምግባር

1.4 መሬት ኣብ ትሕቲ ዋንነት ህዝቢ ክኸውን ፥ ኣብ ልዕሊ መሬት ዝግበር ወፍሪ ከኣ ንናብራ እቲ ቦታዊ ህዝቢ ጠቕሚ ዝህብ ክኸውን። መንግስቲ ንስትራተጅያዊ ሃገራዊ መደባት ዘደልዮ መሬት ምስ ቦታዊ ምምሕዳራት ተረዳዲኡ ኣምሳያኡ ዝግባእ ሂቡ ጠቕሚ ነባሮ ብዘረጋግጽ ምፍጻሙ

1.5 ሞያዊ ትምህርቲ ክብ ዝብለሉ ሓጺርን ነዊሕን መደባት ምስራዕ በዚ ኣቢልካ ከኣ ኣፍራይ ዓቕሚ ሰራሕተኛ ህዝቢ ክብ ክብል ምጽዓር

1.6 ካብ ጸኒሓውን ድሑርን ናውቲ ማእቶት ንምግልጋል፤ ናብ ዘመናዊ ስነ-ኪነታዊ ኣሰራርሓ ንምስግጋር፤ ብባጀት ዝተደገፈ ብስነ-ፍልጠትን ስነ-ኪነትን ዝሰነ መሃዝን ቀያስን ናይ መጽናዕቲ ማእከል ምቛም፡

1.7 ዝተመዓራረየን ዳይናሚካውን ዝኾነ፣ ንናኣሽቱን ማእከሎትን ከበድትን ኣብያተ ዕዮ ኣዛኒቑ መሰረት ዝገበረ፣ ናይ ሕርሻ-እንዱስትርያዊ ማእቶት ክምዕብል ምቅላስ። እዚ ድማ ንኹሎም ኣብ ሕርሻ፤ ምርባሕ ከብቲ፤ ምግፋፍ ዓሳ፤ ኣብ ናይ ምስናዕ ሞያ ንዝተዋፈሩን ንነጋዶን የጠቓልል።

1.8 ኣብ ከተማታት ንኣሽቱ ሓባራውን ውልቃውን ትካላት ኣብ ገጠራት ከኣ ኮኦፖራቲቫዊ ማሕበራት ክቖማ ምትብባዕ ዘድሊ ሓገዛት ምግባር

1.9 ኣብ ቦታ ስራሕ፡ ኣብ ሞንጎ ሰራሕተኛታትን ኣስራሕትን ዝርከብ ዝምድና ኣብ ኣወንታዊ ሃዋህው ክምስረት ምቅላስ። ደሞዝ ሰራሕተኛታት ነቲ ህሉው ኩነታት ናብራ ከም ዝመጣጠን ዝተሓተ ደሞዝ ናይ ሰራሕተኛ ብሕጊ ዝተወሰነን ከምዝኸውን ምግባር

1.10 ንስእነተ ስራሕ ንምክልኻል ምቅላስ ነቶም ካብ ስራሕ ዝተሰናበቱ ከኣ ክሳብ ስራሕ ዝረኽቡ ዝናበይሉ መንገድታት ምፍጣር

1.11 ስልጡንን ኣድማዕን ዕዳጋ ብቐጻሊ ከምዝሰርሕ ምርግጋጽ፡ ዕዳጋ፤ ጸጋን ብልጽግናን ዝህብ ቀንዲ መሰረት ናይ ቍጠባ ብምዃኑ ነጻ ዕዳጋ ንምውሓስ ዘድሊ ጻዕርታት ምግባር

1.12 ናጻ ውድድር ክህሉ ምትብባዕ። ንነጻ ውድድር ዝዕንቅፍ ሽግራት ንምልጋስ ሕጋዊ ስጉምቲ ምውሳድ። ንግበታ ዕዳጋ ምቊጽጻር

1.13 ብሕታውያን ትካላት ንኽስስኑ ኣተባባዒ ሃዋህው ምፍጣር

## 2. <u>ኣብ ውሽጢ ኣወራጃታትና ዝርከብ ዘይምዕሩይ ምጣኔ ሃብታዊ ምዕባለ ንምስትኽኻልን ነብሰን ክኢለን ዝመሓደራሉ ብቕዓት ንኽረጋግጻ ምቅላስ</u>

2.1 ነተን ብምዕባለ ድሒረን ዘለዋ ኣውራጃታት ፍሉይ ሓገዝ ከምዝረኽባ ምግባር

2.2 ነፍሲ ወከፍ ኣውራጃ ባዕላ እተመሓድሮ ነቲ ሓፈሻዊ ኣቕጣጫ ምጣኔሃብታዊ ቅዋም ሃገር ዝሰማማዕ ናይ ገዛእ ነብሳ ምጣኔ ሃብታዊ ምምሕዳር ከተማዕብል ምቅላስ

2.3 ኣብ መንጎ ኣውራጃታት ዝተወሃሃደ ምጣኔ ሃብታዊ ርክብን ምድግጋፍን ከምዝህሉ ምግባር

2.4 ብግብሪ ይኹን ብቐረጽ ካብ ህዝቢ ዝተኣከበ ገንዘብ፡ ከም ኣድላይነቱ ኣብ ህዝባዊ ኣገልግሎት ምውዓሉ

## 3 <u>ዕቃበ ከባቢ (Environmental Protection)</u>

3.1 ከባቢና ንምዕቃብን ንምክልኻልን ዓቐን ዘይሓለወ ጥረ ነገር ዘባኽን ብኡ ኣቢሉ ድማ ዝያዳ ጕሓፍ ዝፈጥር ባህልን ኣሰራርሓን ንምንካይን፣ ካብ

ነዳዲ ዝፍኖ ናይ ኣየር ብከላ ትሑት ንኽኸውን ኩሉ ዝከኣል ጻዕርታት ምግባር

3.2 ኣየር፣ ወሓዝቲ፤ ዒላታት፤ ሓጽብታት፤ ቀላያትን ባሕርናን ብጽሬት ምዕቃብ
3.3 ሃገራዊ ሃብቲ ዝኾኑ ኣግራብን እንስሳታት በረኻን ከይበርሱ ምክልኻል
3.4 ከባቢ ንምዕቃብን፤ ዘመናዊ ስነ-ኪነት ምጥቃም፡ ብሕጊ ምቁጽጻር። እዚ ብደረጃ ሃገር ጥራይ ከይተወሰነ፤ ብዓለም-ለኸ (ግሎባል) ደረጃ`ውን ዓቕምና ዘፍቅዶ ኣስተዋጽኦና ምርግጋጽ
3.5 ዕቃብ-ከባቢ ንህልዊ ጥራይ ዘይኮነ ንቀጻሊ ወለዶታት ዘማዕደወ መደብ ክኸውን።
ከባቢና ክብክሉ ዝኽእሉ ባዮሎጂካውን ኒኩላራውን መደበራት ኣብ ሃገርና ንኸይትከሉ ምቅላስ
3.6 ከባቢና ክብክል ዝኽእል ካብ ካልኦት ሃገራት ዝመጽእ ጕሓፍ፡ ኣብ ማያትናን መሬትናን ንኸይጓሓፉ ምእጋድ

## ሻዱሻይ ምዕራፍ

<u>ማሕበራዊ መደብ ዕዮ</u>

ማሕበራዊ ዕላማ ሰልፍና ንፍጡን ምጣኔሃብታዊ ዕብየት ዘገልግል ዝያዳ ንጥየ ግምት ዝህብ ዘመናዊ ስርዓተ ትምህርቲ ምሕንጻጽን ምትግባርን፡ ሰፊሕ ንመላእ ሕ/ሰብ ኣገልግሎት ዝህብ ጥዕናዊ ትካላት ምምዕባል፡ ነቶም ድኹማትን ውጹዓትን ዘተኣማምን ማሕበራዊ ውሕስና ዝህብ ትካላት ምቛም፡ ንዝተፈላለዩ ክፍልታት ሕ/ሰብና ሞያዊ ይኹን ማሕበራዊ ረብሓኦም ኣለልዮም ብንቓባዊ ማሕበራት ክውደቡ ዘተባብዕ፡ ንፍሉይ ሕ/ሰብኣዊ ኣቃውማ ሃገርና ኣብ ግምት ዘእተወ ፍትሓውን ዲሞክራስያውን፡ ንምትእምማን ዘኰልብት፡ ማሕበራዊ መደባት ንምዕዋት ምቅላስን እዩ።

1. <u>**ንጥየ ፍሉይ ትኹረት ዝህብ ንዕብየት ምጣኔሃብትና ዝድግፍ ዘመናዊ ትምህርቲ ምምዕባል።**</u>

1.1. ንሓድነትን ምዕባለን ሃገር ዘገልግል ንፍጡን ምጣኔ ሃብታዊ ምዕባለ ዝድግፍ ሃገራዊ ስርዓት ትምህርቲ ምድላው
1.2. ሞያዊ ፍልጠት ምስ ኣካዳምያዊ ትምህርቲ ተጣሚሩ ዝኸደሉ መደባት ምስራዕ
1.3. ትምህርቲ ንዜጋታት ብዘይ ክፍሊት ብሓልዮት መንግስቲ ክወሃብ
1.4. ተመሃሮ ብሰንኪ ሕጽረት ገንዘብ ካብ ትምህርቲ ከይቦኽሩ፡ ከም ተደላይነቱ ነገራዊ ደገፍ ክረኽቡ ኣብ ከባቢኦም ክመሃሩ፡ ብቑዕ ኣብያተ መጻሕፍቲ ክረኽቡን ምቅላስ
1.5. ትምህርቲ ክሳብ 8ይ ክፍሊ ግድነት ክኸውን
1.6. ንላዕለዋይ ደረጃን ዩኒቨርሲትን ዘእቱ ነጥቢ ኣህጉራዊ ደረጃ ዝሓለወ ተቐባልነት ዘለዎ ክኸውን።
1.7. ግላዊ ኣብያተ-ትምህርቲ ክቖማ ምትብባዕ። ብሃገራዊ ስርዓት ትምህርቲ ክቕየዳ ዘገድድ ሕጊ ምውጻእ
1.8. ኣብ ኣውራጃታት ኤርትራ ዝርከብ ፍልልይ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ነቲ ብምዕባለ እተሃስየ ክፍልታት ዝያዳ እተመዓራረየ ትምህርታዊ ተሳትፎ ንኽረጋግጽ ምትብባዕን ተግባራዊ መደባት ምሕንጻጽን

2 <u>**ንመላእ ሕ/ሰብ ኣገልግሎት ዝህብ ጥዕናዊ ትካላት ከም ዝምዕብል ምግባር**</u>

2.1 ጥዕና ዜጋታት ንምሕላው ነጻ ጥዕናዊ ኣገልግሎት ዝህባ ትካላት ኣብ ከተማታትን ገጠራትን ምምዕባል

2.2 ሕማማት ንምክልኻል ጠቓሚ ሓበሬታ ንህዝቢ ምዝርጋሕ
2.3 ንሕሙማት ዝፍውስን ከም ማእከል ጥዕናዊ ሓበሬታ ዘገልግልን ተንቀሳቓሲ ክሊኒካት ምዝውታርን ተመሓላለፍቲ ሕማማት ብኣጋ ምክልኻሎምን
2.4 ኣብ ኩሉ ከባቢ ምስ መጠን ብዝሒ ህዝብን ዓይነት ብዝሒ ሕማማትን ዝዛመድ ንኣሽቱ ሕክምናታት ምቛም
2.5 ብሕታውያን ኣካላት ብቕቡል ደረጃ ጥዕናዊ ኣገልግሎት ክህባ ምፍቃድ
2.6 ኣላዪ` ዘይብሎም ኣረጋውያን ዝዕቀብሉ ተኽእሎ ንምርግጋጽ ምጽዓር
2.7 ባህላዊ ሕክምና ብዘመናዊ መጽናዕቲ እተደገፈ ንምግባሩ ምቕላስ ኣብ ህይወት ሰብ ሓደጋ ዘስዕቡ ልምዳዊ ወይ ጸኒሓዊ መድሃኒታት  ጠጠው ክምዝብሉ ምግባር
2.8 ንሞያ ኣገልግሎት ጥዕና ካብ ተራ ኣለይቲ ክሳብ ዝለዓሉ ሓካይም ዝስልጥንሉ ትምህርታዊ መደብን ማእከልን ምስንዳእ
2.9 መሰረታዊ ጥዕናዊ ፖሊሲና ኣብ ቅድመ ምክልኻል ሕማማት ዝተመስረተ ይኸውን

## 3 <u>ማሕበራዊ ፍትሕን ማሕበራዊ ውሕስናን</u>

3.1 ኩሉ ሰብ ኣብ ቅድሚ ሕጊ ማዕረ ምዃኑ ምርግጋጽ
3.2 ኩሉ ዜጋ ብሞያኡን ክእለቱን ማዕረ መሰልን ዕድልን ስራሕ ክህልዎ
3.3 መሰል ሰራሕተኛታት ብሕጊ ከምዝኽበር ምግባር። ንመሰል ሰራሕተኛታት ዝጣበቓ ንቓባዊ ማሕበራት ክቖማ ምትብባዕ
3.4 ደሞዝ ሰራሕተኛታት ንደረጃ መነባብሮ ዝመጣጠንን ብውዕልን ክኸውን፡ ናይ ሰራሕተኛታት ዝተሓተ ደሞዝ ድማ ብሕጊ ክውሰን
3.5 ስራሕ ኣልቦነት ንምቁጽጻር ቀጻሊ ናይ ስራሕ ዕድል ንምፍጣር ምጽዓር። ካብ ስራሕ እተሰናበቱ ክሳብ ስራሕ ዝረኽቡ ምድጋፍ
3.6 ደቂ ኣንስትዮን ህጻናትን ብዘይፍትሓዊ ኣገባብ ከይምዝመዙ ምክልኻል
3.7 መሰልን ማዕርነትን ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ኩሉ መዳይ ሕብረተሰብ ዝተሓለወ ከምዝኸውን ምግባር። ደቂ  ኣንስትዮ ብማሕበር ተወዲበን ንመሰለን ክቃለሳ ምትብባዕ
3.8 ቅድሚ ሕርስን ድሕሪ ሕርስን ዘሎ ግዝያት ቦታ ስራሕ ደቂ-ኣንስትዮ ሕዙእ ኰይኑ ክጸንሕን፡ ደሞዘን ሕልዊ ንኽኸውንን ምቅላስ
3.9 ሓረስቶት ፍርያቶም ብተመጣጣኒ ዋጋ ሸይጦም ተጠቀምቲ ዝኾኑሉ ምቹእ ኩነታት ምፍጣር፡ ንረብሓኦም ዝከላኸል ንቓባዊ ማሕበር ክቕውም ምትብባዕ። ዘመናዊ ሕርሻዊ ትምህርትን ዘመናዊ ሕርሻዊ እቶትን (inputs) ዝረኽብሉ ትካላት ምምዕባል።
3.10 ተጣበቕቲ ሰብኣዊ መሰላት፡ጋዜጠኛታት፡ መንእሰያት ካልኦት ክፍልታት ሕ/ሰብ ንቓባውን ሞያውን ማሕበራት ከቕሙ ምትብባዕ
3.11 ንረብሓ ህጻናትን ኣረግቶትን ዝሕሉ መደባት ምሕንጻጽ
3.12 ብውግእን ብባህርያዊ ምኽንያትን ኣካላቶም ዝጐደሉ ፍሉይ ረብሓን ክንክንን ዝረኽብሉ መደባት ንምስራዕ ምቅላስ። ኵነታቶም ኣብ ግምት ዘእተወ ናይ ስራሕ ትካላት ምትእትታው። ንቓባዊ ማሕበር ኣካለ ጽጉማን ክምዕብል ምትብባዕ
3.13 ስድራ ስውኣት ዝግባእ ክብርን ደገፍን ክረኽቡ ምቅላስ
3.14 ስደተኛታት ኣብ ቦታ ስደቶም መሰሎም ክሕሎ ምቅላስ፡ ካብ ቦታ ስደት ንዓዶም ተመሊሶም ዝጣየስሉ መደባት ንምዕዋት ምቅላስ። ንስደተኛታት ዝጣበቕ ማሕበር ክህሉን ክምዕብልን ምትብባዕ
3.15 ኣብ ውሽጢ ሃገር ይኹን ኣብ ወጻኢ ዝርከቡ ዜጋታት ንሓድነትን ፍልልይን ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ግምት ዘእተወ ኣብ ምጽውዋርን ኣብ ምክብባርን ዝተሞርኰሰ

ንሓባራዊ ሽግራት ብሓባር ክገጥሙ ዘብቅዖም ነጻ ሲቪላዊ ማሕበራት ከቑሙ ምትብባዕ

3.16 ድሑር ባህልታት ምቅላስ ንኣወንታዊ ባህልታትና ምትብባዕ። ብዙሕነታዊ ባህልና ምኽባር ዝኾነ ዓይነት ኣድሉዎ ሃይማኖታዊ፣ ይኹን ዓሌታዊ፣ ከይርከብ ምቅላስ

## ሻብዓይ ምዕራፍ

<u>መደብ ዕዮ</u> <u>ወጻኢ ዝምድናታት</u>

ምስ ዝኾነ ሃገር ዝህልወና ዝምድና ሓባራዊ ረብሓ ንምዕዋት እዩ። ብፍላይ ምስ ጐረባብትና ሃገራት ዘለና ዝምድና ንናይ ሓባር ዕብየትና ኣገዳሲ ግደ ክጻወት ዝኽእል እዩ። በዚ ምኽንያት ልዑላውነት ሕድሕድ ኣኽቢርና ኣብ ናይ ሓድሕድ ውሽጣዊ ጉዳያት ከይተኣታተና፣ ንሰላምን ምጣኔሃብታዊ ዕብየትን ብሓባር ክንሰርሕ ይግብኣና። ሰልፍና ነቲ ተጻባኢ ግጉይ ወጻኢ ቅዋም ህሉው ስርዓት ኤርትራ ጨርሱ ብምስራዝ ምስ ጐረባብቲ ህዝብታት እናተረዳድአ ንሓባራዊ ረብሓ ዘረጋግጽ መጻኢ ብምሉእ ዓቕሙ ክቃልስ እዩ።

ምስ ርሑቕ ዓለም ዘለና ዝምድና'ውን ከምኡ ኣብ ሓባራዊ ረብሓ እተሰረተ እዩ። ብፍላይ ድኽነትን ድንቁርናን ሕማማትን ንምቁጽጻርን ንምስዓርን፡ ንጽጉም ህዝቢ ዓለም ንምርዳእን ዝግበር ዓለማዊ ምንቅስቓስ ምስ መሰረታዊ ዕላማና ስለ ዝተኣሳሰር ብምሉእ ዓቕምና ክንተሓባበሮ ኢና። እቲ ንሃገርና ካብ ዓለም ነጺሉ ኣንጻር ሃገራዊ ረብሓታትና ዝሰርሕ ዘሎ ጉጉይ ቅዋማት መላኺ ስርዓት ጨሪሱ ክሕከኽ እዩ።

1. ኩሉ እንገብሮ ዝምድናታት ወጻኢ ንሓባራዊ ረብሓን ልዕላውነት ሕድሕድን ዘኽበረ ክኸውን እዩ።
2. ምስ ፕሮግራምና ዘሳኒ ፕሮግራም ዘለወን ዞናውን ኣህጉራውን ሰልፍታት ጥቡቕ ሕውነታዊ ዝምድናታት ከምዝፍጠርን ከምዝምዕብልን ምግባር
3. ኣብ ዞናና ሰላምን ቅሳነትን ሓባራዊ ምጣኔ ሃብታዊ ዕብየትን ብምድግጋፍ ክረጋገጽ ምቅላስ
4. ኩሉ ዓለምለኻዊ ውዕላት ንኽኽበር ምቅላስ።
5. ንሽግራት እንፌትሓሉ ቀንዲ መሳርሕና ሰላማውን ዲፕሎማስያውን መስርሕ ከም ዝኸውን ምግባር
6. ምስ ዝኾነት ሃገር ዝግበር ንግዳዊ ውዕላት ፍትሓውን ሃናጽን ክኸውን ምቅላስ
7. ኣንጻር ዝኾነ ይኹን ዓለታዊ ኣድሉዎን ጭቆናን ምቅላስ
8. ብደረጃ ዓለም ንዝካየድ ጸረ ድኽነትን ሕማምን ድንቁርና ዝቃለስ ምንቅስቓስ ምድጋፍን ንምዕዋቱ ብዓቕምና ምቅላስ

### መደምደምታ

እዚ ኣብ ላዕሊ ቀሪቡ ዘሎ ንድፊ መደብ ዕዮ ሰልፊ መበገሲ ክትዕ ምኻኑ ክሰሓት የብሉን። ነቲ መሰረታዊ ዕላማ ሰልፊ እተቐበሉ ኣባላት ንምምሕያሽ ይኹን ንምቕያር ምሉእ መሰል ከምዘለዎም ርዱእ እዩ። እቲ ብኽትዕ ዝሓለፈ ንድፊ ሕጋዊ መልክዕ ለቢሱ መደብ ዕዮ ሰልፊ ዝኸውን ኣብ ቀዳማይ ጉባኤ ሰልፊ ጥራይ እዩ።

ኮሚሽን ምምስራት ሰልፊ
3/12/07